# እቲ ገንሸል ኣብ ዝፋን
## ራእይ 5:6

### 2ይ ክፋል - ቅድም፡ መፍትሒ ብተበጃዊ ገንሸል።

#### 1. ብቐፅ ተቐባል ብድሆ (ጥ 6)

ነቲ በቲ ብርቱዕ መልኣኽ፡ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ኣብ ትሕቲ ምድርን ተኣዊጁስ፡ ኣነ እዕወት ዝብል እተሳእኖ፡ ዮሃንስ ድማ ብእኡ ምኽንያት ኣምሪሩ ዝበኸየሉ ብድሆ፡ ዝዓጥቀሉ ሓደ ብቑዕ ተረኺቡ። ንእኡ እዩ፡ ኣምላኽ ንስኻ ጥራይ ብቑዕ ኢኻ ኢሉ ነቲ ጉዳይ ብድሆ ዘማዕቈቦ። እቲ ኣተኲሮና እምበኣር ብዛዕባኡ ኣብ 5:6 ይኸውን።

እዚ ጉዳይ ብድሆ እዚ ካልእ ክፍልታት ናይ ሓዲስ ኪዳን ድማ ዘኽርሮ እዩ። ኣብኡ፡ ብእኡ ዝሰመርኩ ሓደ ወደይ፡ ከይሰሓተ፡ ከየጨርመመ፡ ከየህሰሰ ነቲ ፍቓድ ኣምላኽ ብኣዕጋቢ መገዲ ዕላማኡ ከም ዝጭምት ገይሩ ዘማላአ ሓደ ጥራይ ኣሎ ይብል (ማቴ 17:5-6 ማር 9:7 ሉቃስ 9: 35 ንመልከት)።

1.1. ብቕዓት ዝሓትት ኣዝዩ ዓቢ ጉዳይ።

ሀ. እቲ ብቑዕ መን ምዃኑ ዚውስኖ ሓደ ጥራይ እዩ።

ነቲ ጉዳይ ብድሆ ናይቲ መልኣኽ፡ ኣብ የማን ኣምላኽ ዝነበረ መጽሓፍ፡ ብኣዕጋቢ መገዲ ዝርድኦ፡ ዕላማኡ ከም ዝወቅዕ ገይሩ ድማ ዘማልእ መን ብቑዕ ምዃኑ ዚፈልጠ ኣምላኽ ባዕሉ ጥራይ እዩ። ነቲ ጉዳይ ብኻልኦት ንምስላጡ ፈተነ ኣይተገብረን፡ ስጉምትታት እውን ኣይተወሰደን። ከፊል ዕላማ ኣይጨመተን ኣይኰነን ዘተምብህ ዘሎ። ግዳስ፡ ተወሲዱስ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ "ብቑዕ ሓደ እኳ" ኣይተረኽበን እዩ ዚብል ዘሎ። ስለዚ ድማ እዩ ክሳዕ እቲ እንኮ ብቑዕ ዚርከብ ኣብ ኢድ ኣምላኽ ዘሎ ጉዳይ፡ ገና ሕቱም መጽሓፍ ኰይኑ ዚርከብ። ብቑዕ ኢኻ ኢሉ ዝውስኖ ድማ ኣምላኽ ባዕሉ ጥራይ እዩ።

ለ. ሓደ ብቑዕ ከም እተረኽበ።

"ካብቶም ሽማግሌታት ሓደ ድማ፡ ኣይትብከ፡ እንሆ እቲ ኻብ ነገድ ይሁዳ ዝኾነ ኣንበሳ፡ እቲ ሱር ዳዊት፡ ነቲ መጽሓፍ ኪግንጽሎን ነቲ ሸብዓተ ማሕተሙውን ኪፈትሖን ስዒሩ ኣሎ በለኒ" (5:5)።

ነቲ ብድሆ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብቑዕ ዝኾነ ሓደ ጥራይ ተረኺቡ። ብዛዕባኡ፡ ሓደ ካብቶም ሽማግለታት ንዮሃንስ ኺነግሮ ኸሎ ድማ ኣርባዕተ መለዮታት ይሕብረሉ። እዚ ድማ ንሱ፡

(1) ኻብ ነገድ ይሁዳ ምዃኑ ይነግሮ።

(2) ብትእምርታዊ ኣዘራርባ፡ "ኣንበሳ" እዩ ይብሎ።

(3) ብታሪኻዊ ምሳሌ "ሱር ዳዊት" ከም ምዃኑ ይነግሮ።

(4) ምእንቲ ነቲ መጽሓፍ ክግንጽሎን ንመሓትሙ እውን ኪፈትሖን ሰዓሪ ብምዃኑ ዝበቕዔ እዩ ኢሉ ገድልን ዓወትን ናይቲ ገንሸል ምዃኑ ብንጹር ይሕብሮ።

ኣተኲሮ ናይ እቲ ሓደ ካብቶም ዕስራን ኣርባዕተን ሽማግለ ብዛዕባ መንነት እቲ "ብቑዕ" ኰይኑ እተረኽበ፡ ንዮሃንስ ኺነግሮ ኸሎ፡ ኣብ ላዕሊ ዘተጠቕሱ ኣርባዕተ ነጥብታት ዓሚሙ ከም ዘሎ ንምልከቶ። እዚ ድማ፡ እቲ ንጉሳዊ ምዃኑ፡ ብትእምርቲ ዳዊትን፡ ብትእምርቲ ኣንበሳን ተሓቢሩ ንረኽቦ።

ግናኸ ቅድሚ እቲ ንጉሳዊ መልክዑ ዝመጽእ፡ ንእኡ ድማ መሰረት ዝኾኖ፡ እቲ ብትእምርቲ መልክዑ ከም ገንሸል ዘሎ እዩ። ቅድሚ ኣንበሳዊ ትእምርቱ ብዳግማይ ምጽኣቱ ክግሃድ ዘለዎ፡ ኣቐዲሙ ዝመጽእ ትእምርቲ ገንሸል ምዃኑ፡

በቲ ቀዳማይ ምጽኣቱ ጀሚሩ ዚፍጸም ዘሎ። ከም ገንሸል ከይፈለጥናዮ፡ ከም ኣንበሳ ክንፈልጦ ኣይንኽእልን ኢና። ብዛዕባ እዚ ኣብ ራእይ 5፡6-14 ተዋሂቡ ኣሎ።

## 2. እቲ ገንሸል (ጥ 6-7)

ብዛዕባ እቲ ዮሃንስ ኣብ 5፡6 ዝረኣዮ ገንሸል፡ ዝስዕቡ ነጥብታት ንመልከት።

### 2.1. ገንሸል ርኤኹ።

ብቐዳሚነት ዮሃንስ ገንሸል ድኣ እምበር "ኣንበሳ" ኣይረኣየን። ብሓደ ካብቶም ዕስራን ኣርባዕተን ሽማግለታት ግና ኣንበሳነት ናይ የሱስ ክርስቶስ እዩ ተሓቢሩሉ ነይሩ። ንሱ ግና ኣብ ክንድኡ ዝረኣዮ ገንሸልነቱ እዩ።

ገንሸል፡ ከም ትእምርታዊ ኣዘራርባ ተደጋጊሙ ዝርከብ ቃል ናይ ብሉይን ሓዲስን ኪዳን፡ ብፍላይ ግና ኣብ ራእይ ዮሃንስ እዩ። ኣብ ራእይ ዮሃንስ ጥራይ ፍሉይ መጸውዒ ናይ የሱስ ክርስቶስ ኰይኑ 28 ሳዕ ተጠቒሱ ንረኽቦ። ሓደ ካብቲ ብዙሕ ትርጉሙን ዓቢ መልእኽቱን ድማ ተሰዊኡ በጃ ዝኾውን እሞ፡ ብቤዛነቱ ድማ በረኸት ዘምጽእ የስምዕ። ኣብ ታሪኽ የሱስ ክርስቶስ፡ ቅድሚ ብትእምርቲ "ኣንበሳ" ምግላጹ ብትእምርቲ ገንሸል፡ ብቤዛነቱ እዩ ተገሊጹ። እቲ ምግላጹ ከም "ኣንበሳ" ጌና ኣብ ትንቢት ዘሎ ጕዳይ ኪኾውን ከሎ፡ ከም ገንሸል እቲ ምግላጹ ግና ክሳዕ ብትእምርቲ ኣንበሳ ኣብቲ ዳግማይ ምጽኣቱ ዝገልጽ፡ ፈሊሙስ ገና ድማ ዝግስግስ ዘሎ እዩ (ዮሃ 1፡29ን 36ን 1ይ ቈረ 5፡7)።

### 2.2. ማእከልነት ናይ እቲ እተሓርደ ገንሸል ኣብቲ ዝፋን።

"ኣብ ማእከል እቲ ዝፋንን እቶም ኣርባዕተ እንስሳን፡ ኣብ ማእከል እቶም ሽማግለታትን … ገንሸል ደው ኢሉ ርኤኹ" ይብል ዮሃንስ።

#### ሀ. ገንሸል ቅድሚ ኣንበሳ።

ሓደ ካብቶም ሽማግለታት ንኣምሪሩ ዝበኪ ዝነበረ ዮሃንስ ከጸናንዮ ከሎ፡ ኣጆኻ መልሲ ተረኺቡ ኣሎ ይብሎ። ነገድ ይሁዳ፡ ኣንበሳ፡ ሱር ዳዊት እናበለ ድማ እቲ መፍትሒ ብመን ከም እተረኽበ ነጊርዎ። ዮሃንስ ግልጽ ምስ በለ ዝረኣዮ መልሲ ግና "ተሓሪዱ ኸም ዝነበረ ገንሸል ደው ኢሉ" ድኣ እምበር ትእምርቲ ኣንበሳ ኣይነበረን።

ብትእምርትታትሲ ኣንበሳ እዩ፡ ገንሸል ድማ እዩ ዝብሉ ዘረባታትሲ ዝጋጮዱ ይመስል? ኣይፋሉን። ቅድሚ ከም ኣንበሳ ምምጻኡ፡ ኣቐዲሙ ከም ገንሸል እዩ መጺኡ - በጃ፡ መስዋእቲ፡ መድሓኒ፡ ለዋህ ኰይኑ እዩ መጺኡ።

ኣብ ማእከል እቲ ዝፋን (ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ) ኣቐዲሙ ዝዓዝዝ ኣገልግሎቱ እቲ ናይ ገንሸል ድኣ እምበር እቲ ናይ ኣንበሳ ኣይኰነን። ኣብ ማእከል እቶም ዕስራን ኣርባዕተን ሽማግለታት (ኣብ ኣገልግሎትን ታሪኽን ቤተ-ክርስትያን) ዝዓዝዝ እቲ ገንሸል እዩ። ኣብ ማእከል ትእምርቲ ኣርባዕተ ህያውን (ተልእኾ ወንጌል) ዝዓዝዝ እቲ እተሓርደ ገንሸል እዩ።

#### ለ. እተሓርደ ገንሸል - መስውእቲ።

ከም እተሓርደ ገንሸል ክንርእዮ ንኣና ሰባት፡ ኣመንቲ ከይተረፈ፡ ይሸግረና እዩ (ንኣብነት ማር 8፡27-38 ንመልከት)። ኣብቲ መደባቱ፡ ኣምላኽ ንሰባት ኣቐዲሙ ዘበርክቶ እቲ ትእምርቲ እተሓርደ ገንሸል እዩ፡ እምበር እቲ ትእምርቲ ናይ ሰላሊዓ ኣንበሳ ኣይኰነን። እቶም ዕስራን

ኣርባዕተን ሽማግለታትን፡ እቶም ኣርባዕተ ህያዋንን እዚ ከም ዘስተውዓልዎ፡ ከም ዘስተማቕርዎ፡ ከም ዝዘመሩሉ ኣብ 5፡9-10 ተኣሚቱ ንረኽቦ። ብዘይ ገንሸል ኣንበሳነት የልቦን። ቅድም መስዋእቲ ዝኾነ ተበጃዊ ገንሸል እዩ ዚመጽእ።

ሐ. ብትንሳኤ ንሞት ዝሰዓረ ገንሸል።

እተሓርደ ክነሱ ድማ ተሓሪዱስ ሞይቱ ዝተረፈ ኣይኰነን። ዮሃንስ ነቲ ገንሸል ደው ኢሉ እዩ ርእይዎ። እቲ ትእምርቱ ንሞት ስዒሩ፡ በጃ ኰይኑ ዝተንስኤ፡ ዝተዓወተ እዩ።

መ. ቤዛነቱ ወንጌል ዝኾነ ገንሸል።

ቀጺሉ፡ እቲ በጃ ዝኾነ፡ እቲ ንሞት ስዒሩ ዝተንስኤ ገንሸል፡ ብተወሳኺ ሾብዓተ ቐርንን ሾብዓተ ዓይንን ከም ዘለዉዎ ይነግር። ንሳቶም ከኣ እቶም "ናብ ብዘላ ምድሪ እተላእኩ ሾብዓተ መናፍስቲ ኣምላኽ እዮም" ይብል። በጃ፡ ሰዓሪ፡ ኣብ ርእሲ ምኳኑ ዝዕወት ወንጌል ዘለዎን ዘበስርን እዩ።

ሰ. ሾብዓተ ኣቕርንቱ፡ ሾብዓተ ኣዒንቱኸ?

እቲ ትእምርቲ ናይ ምሕራዱ፡ ናይቲ ኣብ ምድሪ፡ ብፍላይ ድማ እቲ ኣብ ቀራንዮ ዝሓለፎ መስዋእቲ የመልክት። ነዚ ናይ ገንሸል፡ ናይ ቤዛነቱ ተልእኾን ጸጋን ድማ ሕጂ እተወሰኾ ኣለዎ። ንሱ፡ ኣብቲ ዝፋን ከሎ ሾብዓተ ቀርንን ሾብዓተ ዓይንን ኣለዉዎ ይብል። ብኣዘራርባ ብሉይ ኪዳን ትእምርቲ ናይ ቀርኒ ናይ ብሓይሊ ምጥቃዕ እዩ ።

ንኣብነት፡ ያእቆብ ንዮሴፍ ወዱ ኪባርኾ ኸሎ ኣብ ዘዳግም 33፡13-17 ንንብቦ። "... ኣቕርንቱ ኣቕርንቲ ጎባይ እዩ፡ ብእኡ ገይሩ ንኹሎም ህዝብታት ክሳዕ ወሰናት ምድሪ ይወግኦም" ይብል። እምበኣር ቀርኒ ትእምርቲ ናይ ኣብ ልዕሊ ተቐናቐንቲ ዲል ናይ ዘጨብጥ ሓይሊ እዩ።

ብዛዕባ እቶም ህዝቢ ኣምላኽ ዝጭብጥዎ ዲል ኪዛረብ ከሎ ድማ ከምዚ ይብል፡ "ክብሪ ሓይሎም ንስኻ ኢኻ እሞ፡ ብሞገስካ ቐርንና ልዕል ኪብል እዩ" (መዝ 89፡15፡17)። ምስ ኣምላኽን ከም ፍቓዱን ዚስለፍ ዘበለ ኵሉ ዓወቱ እተረጋገጸ እዩ (ዘካ 1፡18-19)።

"ዓይነይ ኣልዓልኩ፡ እንሆ ኸኣ ኣርባዕተ ቐርኒ ርኤኹ። ኣነ ድማ ነቲ ዚዛረበኒ፡ ዝነበረ መልኣኽ፡ እዚኣቶም እንታይ እዮም በልክዎ፡ ንሱውን እዚኣቶም እቶም ንይሁዳን እስራኤልን ፋሕ ዘበልዎም ኣቕርንቲ እዮም ኢሉ መለሰለይ" (ዘካ 1፡18-19)።

ቀርኒ፡ እምብኣር፡ ብትእምርታዊ ኣዘራርባ፡ ናይ መንግስታዊ፡ ንጉሳዊ፡ ወተሃደራዊ ኣድማዒ ሓይሊ ምልክት እዩ። እዚ ብዳግማይ ምጽኣቱ ዚፍጸም፡ ከም ቀርኒ ዘለዎ ገንሸል ኰይኑ ተሓቢሩ ኣሎ።

ቍጽሪ ኣቕርንቱ ሾብዓተ ምኳኑ፡ ኣብቲ ዳግማይ ምጽኣቱ፡ ጕድለት ዘይብሉ፡ ምሉእ ኣድማዒ ሓይሊ ለቢሱ ከም ዚምለስ ይሕብር።

ሾብዓተ ኣዒንቲ ኣለዉዎ። ከምቲ ሾብዓተ ኣቕርንቱ ትእምርቲ ናይ ኣድማዒ ሓይሊ ዝኾነ፡ ሾብዓተ ኣዒንቲ ምህላዉ ድማ ትእምርቲ ናይ ምሉእ፡ ጕደሎ ዘይብሉ ምስትውዓል እዩ። እቲ ብተበጃዊ ገንሸል ተመሲሉ ዘሎ የሱስ ክርስቶስ፡ ሓይሉ ብቕድስና፡ ምስትውዓሉ ብምልኣት ምኳኑ ነብይ ኢሳይያስ ኣብ 11፡1-3 ብዛዕባ እቲ መሲህ፡ ከምዚ ይብል፡

> "ካብቲ ኽሩት ጕንዲ እሰይ ከኣ ሓደ ጠጥዒ ኺጭብጭብ እዩ።

ሓደ ጨንፈርውን ካብ ሱሩ ኺፈሪ እዩ።”

ኣብ ልዕሊ እዚ፡

(1) መንፈስ እግዚኣብሄር፡

(2) መንፈስ ጥበብን፡

(3) ኣኣምሮን፡

(4) መንፈስ ምኽርን፡

(5) ሓይልን፡

(6) መንፈስ ፍልጠት ኣግዚኣብሄርን፡

(7) ፍርሃቱን ኪዓርፍ እዩ። ታሕጓሱ ኣብ ፍርሃት እግዚኣብሄር እዩ፡ ዓይኑ ኸም እትርእዮ ኣይኪፈርድን፡ እዝኑ ኸም እትሰምዕ ኸኣ ኣይብይንን እዩ (*ዘካርያስ* 3፡8-9 4፡10 ዝህበ ተመሳሳሊ ድማ ነንብቦ)

ሓጥያት ከርቕሕ፡ ኣበር ዘይብሉ ቅዱስ መስውእቲ፡ መኪቱ ክዕወት ሓይሊ ዝለበሰ መለኮታዊ፡ ኩሉ ብምስትውዓል ኺገብሮ ኣዒንቲ መሊእዎ እዩ።

ረ. <u>ሾብዓተ መናፍስቲ ናብ ብዘላ ምድሪ እተላእኩ።</u>

ብዛዕባ እቲ ትእምርቲ ናይ ሾብዓተ ኣቕርንትን ሾብዓተ ኣዒንትን፡ ተወሳኺ መብርሂ ኪህብ ከሎ፡ “ንሳቶም ከኣ እቶም ናብ ብዘላ ምድሪ እተላእኩ ሾብዓተ መናፍስቲ ኣምላኽ እዮም” ይብል - እቲ ብክርስቶስ እተላእከን ጌና ዝልኣኽን ዘሎ ወንጌል እዩ። ንሱ ድማ ብዓቕምን ጥበብን መንፍዓትን ሰብ ዘይኰነስ፡ ብሓይልን ጸጋን መንፈስ ቅዱስ ዝልኣኽ ወንጌል እዩ (ግብ 1፡8 ንመልከት)።

መሰረት ናይ ኩሉ መንፈሳዊ በረኸታት ንደቂ ሰባት፡ ብፍላይ ድማ ናመንቲ፡ ቅድሚ እቲ ብትእምርቲ ኣንበሳ ተገሊጹ ዘሎ መልእኽቲ፡ እቲ ኣብቲ ዝፋን ዘሎ ብትእምርቲ እተሓርደ ገንሸል እዩ። እቲ እተሓርደ ገንሸል ኣብ ማእከል እቲ ዝፋን ኣምላኽ ምስጢር ናይ ወንጌልን በረኸቱን እዩ።

ቀጻሊ ትምህርቲ -----------→